ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ
**Tigray People's Liberation Front**

ካብ 1967 ዓ/ም ጀሚሩ! Since 1975 G.C!

ኣብ ምስረታ ሓዳሽ ውድብና ኣመልኪቱ ካብ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዝተውሃበ እዋናዊ መግለፂ

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ፣ ናይ ኣተሓሳስባን ተግባርን ሓድነት ኣባላትን ኣመራርሓን ንምሕላውን ህልውና ውድብ ንምድሓንን ክበሃል ካብ ምስረታ ግዝያዊ ምምሕዳር ጀሚሩ ክባር ዋጋ እናኸፈለ ምምፅኡ ዝፍለጥ እዩ። ይኹን እምበር ብስንኪ እቲ ካብ ጉጅለኣዊ ስልጣኑን ረብሓኡን ወፃኢ ብዛዕባ ህዝቢ ጥር እትብል ሓልዮትን ውግንናን ዘይብሉ ጉጅለ ድሕረት ሓድነት ኣመራርሓ፣ ኣባላትን ህዝብን ትግራይ ዘሪጉ ትግራይን ህዝባን ኣብ ከቢድ ቅልውላው ክኣትዉ ገይሩ እዩ። ንሕና ውድብ ንምድሓን ኢልና ዝወሰድናዮም ተበግሶታት ተገንዚቡ ናብ ልቡ ኣብ ክንዲ ዝምለስ ንባዕሉ ልዕሊ ሚዛኑ እናርኣየ ውድብ ህወሓት ክትጠፍእ ብምግባር ናይ ታሪኽ ተሓታታይ ኮይኑ ኣሎ።እዚ ዕድል መሊኡ ቅድሚ ምፅንቃቑ 10 ሚያዝያ 2017ዓ.ም ዘቕረብናሉ ናይ መወዳእታ ፃውዒት እውን ብልሙድ ብድዐ ፀማም እዝኒ ሂብዎ ሓሊፉ እዩ። ነዚ ስዒቡ ዝመፅእ ተሓታትነት ሙሉእ ብሙሉእ ዝወስዶ እዚ ዘይሕጋዊ ጉጅለን መላፍነቱን ምኳኖም እውን ብእዋኑ ዕላዊ ገይርና ኢና።

ህልውና ውድብ ህወሓት ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ሓደጋ ምውዳቑ ብዝግባእ ዝተረድአ ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝተጀመረ ናይ ለውጢ ጉዕዞ ናብ ዝሓሸ ብራኸ ክብ ምባል ዘኽእሎ ምድላዋት ገይሩ ናብ ሓዱሽ ናይ ቃልሲ ምዕራፍ ክኣቱ ተገዲዱ ኣሎ። ነቲ ብህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ብመናእሰይን ምሁራትን ትግራይ ዝተወልዐ ቃልሲ ዝምጥን ውዳበ ፈጢሩ ቃልሱ ኣጠናኺሩ እናቐፀለ ይርከብ።

ኣብ ቀረባ እዋን እውን ፕሮግራሙን መተሓዳደሪ ደንቡን ንኣመራርሓኡ፣ ኣባላቱን መላእ ደገፍቱን ዕላዊ ክገብር እዩ። ፕሮግራሙ፣ መተሓዳደሪ ደንቡን ኣሰራርሓኡን ናብ ጉባኤ ቀሪቦም እውን ብዕሊ ክፀድቁን ብብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኣፍልጦ ተዋሂብዎም ብሕጊ ክምዝገቡን እናተሰርሐ እዩ። ክሳዕ ሽዑ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝቐርቡ ሓሳባት ሽምን ኣርማ ሓዊሱ ናይ ብዝተፈላለዩ አካላት ሓሳባት እናማዕበለ ዝቕፅል ምኳኑ ውዱኣትን ዕልባት ዝተገበረሎምን ከምዘይኮኑ በዚ ኣጋጣሚ ክንሕብር ንፎቱ።

ኣብ ምጥያሽ ዝርከብ ሓዳሽ ውድብና ብዝምልከት ብዝተፈላለየ መንገዲ ንዝቐርቡ ሃነፅቲ ሓሳባት ንምትእንጋድ ድልዋት ምኳንና በዚ አጋጣሚ እናረጋገፅና ነዚ ተባሂሉ ዝተጣየሸ ኮሚቴ መፅናዕትን ምትእኽኻብ ሓሳብን እውን ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝቐርቡ ሓሳባት እናወደበ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ከምዝሰርሐ ክንሕብር ንፎቱ።

መላእ ኣብ ውሽጥን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዓለምን እትርከብ ደላይ ለውጢ ዝኾንካ ህዝብና ብሓፈሻ፤ መናእሰይን ምሁራትን ትግራይ ከዓ ብፍላይ እትብህግዋን እትምነዩዋን ትግራይ ንምግሃድ ዝጀመርናዮ ቃልሲ ብውነ ትረዲኡኹም ኣብ ጎኒ እዚ ናይ ለውጢ ሓይሊ ክትስለፉ እናፀዋዕና ናይዚ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ናይ መፃኢት ትግራይ ዴሞክራስያዊ ፓርቲ ኣባላት ንምኳን መዓዝን ኣበይን ክትምዝገቡ ከምዘለኩም ብቐፃልነት ስለነፍልጠኩም ክሳብ ሽዑ ብትዕግስቲ ክትፅበዩና ንሕብር።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት
22 ሚያዝያ 2017ዓ.ም